## ኣገዳሲ መግለጺ ግዝያዊት ሽማግለ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኤርትራ

ህዝቢ ኤርትራ ባዕዳዊ መግዛእቲ ተቓሊሱን ጸሪጉን፣ ስርዓተ-ሕጊ ዝሰፈነ፣ ሰብኣዊ መሰል ዝኽብረላ፣ ሂወት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ብትካላት ተሰርዑ፣ ንህዝቡ ኣገልግሎት ዝህብ መንግስቲ ተመስሪቱ፣ ብምዕብልና እትስጉም: ዶባ ዝተኸለለን ልዑላዊት: ዘበናዊት: ሲቭካዊት ኤርትራ ንምምስራት እዩ ነይሩ´ቲ ዕላማ። ግን ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ እቲ ንሃገራዊ ነጻነት ንሰባዊ ክብርን ዘካየዶ መሪርን ነዊሕን ቃልሲ፣ ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ ተዓዊትሉዓ´ኳ እንተኾነ ጌና ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ውልቃዊ ምልኪ ተቆሪኑን ባርነታዊ ሂወት የሕልፍ ምህላዉ ንተቓላሳይ ፍትሒ ዘካትዕ ኣይኮነን::

እቲ ህልዊ ኩነታት ሃገረን ህዝብን ኤርትራ ግን ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ኣሎ። ምድሓን ሃገርን ሃለዋት መንነት ኤርትራውነትን ምርግ ጋጽን ፣ ቀዳምነት ዝዋሃቦ ርእሰ ጉዳይ ኮይኑ ይርከብ። ተቓላሳይ ንፍትሒ ብሓባር ናይዚ መንነትና ዝፈታተን ዘሎ ጸላኢና መን´ዩ ብምምልላይ፣ ናይ ከመይ ንቃለሶ መዓዝን ከነነጽር ይግባእ።

እንተኾነ ግን ኣብ ናይ ውድባዊ ጸቢብነትን በርገሳዊ ማሕበር ዴሴትነት ሃለዋት ተቓለስቲ ፍትሒ ኤርትራ፣ ነቲ ዝጥለብ ምምላእ በዓልቤታዊ ረቛሒ ብኩራት ኮይኑ ይርከብ። እቲ ወድዓዊ ኩነታት ንናይ ኤርትራ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ናይ ፍትሒ ተቓለስቲ ብሱል ከምዝኾነ ብመጽናዕታት እንተረጋገጸ ከይዱ እዩ። ተቓላሳይ ንፍትሒ ኣብ ዲያስፖራ ብዓቀን ይኩን ብዓይነት ሰሲኑ ይርከብ።

እቲ ምልክታት ብስለት ቃልሲ ንፍትሒ፣ ብተግበግሰታት ውልቀሰባት ይኹን ብማሕበራት ብምጥርናፍን ብምትእስ ሳርን ኣብ ኩሉ ከተማታት ክፍለ ዓለማት ውደባታት ናይ ሰብኣዊ መሰል ተቓለስቲ፣ ኤርትራዊ ባህሊ ንምዕቃቡን ንምምሕልላፉን፡ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ንምትሕግጋዝን። ነቲ ብሰንኪ ጸረ ሃገር እሰያስ ሕሱም ጭኮና፡ ኣደዳ ስቓይ መጮወይቲን፣ ማእሰርትን ዕስክርናን ዝኾነ መንእሰይ ከም ዝተሓተ ደረጃ ናይ እምብይታን ቃልስን ስደት ዝመረጸ፣ እዚ ስቓይን ባርነትን በርቲዕዎ እግሩ ናብ ዝመርሖ ፋሕ ዝብል ዘሎ ሕዝቢ ረኣኻ፣ እዛ ሃገር ጥርሓ እንዳ ተረፈት ከም ሰብ ሰብኣዊ ሕልናካ ንምርዋይ፣ ከም ኤርትራዊ ድማ ሃገርካን ህዝብኻን ኣብ ናይ መወዳእታ ንሃሉዶ ኣይንሃሉን ሕቶ ወዲቑ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ እንዳሬኣኻ፣ ነቲ ኩላትና ንፈርሖን ከይመጸና ንስከፈሉን ዘሎና ዳግማይ ሃገረኣልቦ ከይንኸውን ሕልናኻ ዝብርብርን፣ ክትቓለስ ዘገድድን እዋን ኢና ዘሎና። ኣብቲ ዝስደደሉ ሃገራት ናይ ቋንቋን ናብቲ ሕብረሰብ ዝኣትወሉ ዝላለየሉን መንገድታት ኣብ ምጽራግ ዝተሓጋገዙ መስርሓት ዘሳላስላ ዑቑባት (Associations) ፍሩያት ኮይነን ንላዕሊ ምውጽኣን ንወንኻን ሕልናኻን ኣለዓዒሉ፣ ኣነኸ እንታይ ይገብር ኣለኹ፡ ዝብል ሕቶታት ክተልዕልን ክትሳተፍን ዝገብር ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩ ኣሎ ። ብዝያድ ከኣ ተደላይነት ብሓባር ምቅላስ ዘበስርን ዘነጽርን ኣብ ኩሉ ጽፍሒ መስኖታት ተቓለስቲ ፍትሒ ማለት ኣብ ማሕበራዊ መድያታት ፡ፓል ቶክ፣ ፈይስ ቡክ፣ ትዊተር፣ ዩቱብ፣ መርበባት ሓበረታታት ኤርትራውያን (ውብ ስይትስ): ናይ ረድዮ መደባትን ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታትን ናዕብታትን ዝለዓል እዋናውን ህጹጽነት ዘለዎን ሕቶ ስለምንታይ ብከተማ፣ ብሃገር፣ ብዞባ: ብዓለም ተጥርኒፍና ቁምነገር ዘይንገብር ዝብል ናህሪ ይርአ ኣሎ።እዚ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ምስ ናህሩ ዝኸይድ ዘሎ ተበግሶታት ንምሕያሉን፣ ብንቅሓት ክድንፍዕ ንምውዳቡን ከኣዩ: ኣብ ፈቀዶ ከተማታት ኣመሪካን ኤውሮጳን እስራ ኤልን ፈስቲቫላት፣ ሰሚናራት፣ ሰላማዊ ሰልፍታት፣ ናይ ተለፎን ኮንፈረንሳት፣ ብረድዮታትን ብምኩራትን ምሁራትን ኣስተምህሮታት ዝካየድ ዘሎ። እዚ ነቲ ጸረ ሃገርን ህዝብን ዝኮነ ውልቀ ስርዓት ከም ራቦት ከደምቱን ኣርዒድዎም ከምዘሎ ክዝረበሉን ክጸሓፈሉን ይግባእ። ተቓላሳይ ንፍትሒ ከኣ ከም ውጺኢት ቃልሱ ክሕበነሉ ኣለዎ።

ኣብቲ ነዚ መግለጺ ከነውጽእናሉ ዝመረጽናዮ ጉዳይ ንምእታው፡ ኣብቲ እዋን ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሃንደበታዊ ዝተፈጥረ ስቱር ርክክባት ንህዝቢ ኤርትራ ጎስዩ ኣብ ገዛእ ጉዳዩ ተዓዛቢ ክኸውን ብምግባር: ጸረ ሃገርን ህዝብን ኢሰያስ - ከምቲ ወትሩ ሕጂ´ውን ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ምስ ኢትዮጵያ ዝግበር ዘሎ ስቱር ውዕላት ሃገሩ ኣዋሲኑ ካብ ዝኾነ ሓቤሬታ ዓፊኑ: ዕድል መጻኢ ኤርትራ ንበይኑ ክውስን ላዕልን ትሕትን ኣብ ዝብለሉን፣ ስጥመት ሓድነታዊ ዕግበታቱ ብስሚዒት ዝገልጸሉን፣ ንህዝቢ ኤሪትራ መራሒኡ ኣብ ዝመርጸሉን፡ ታሪኽ ትፈሊጥ እንተኮንካ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፈልየካ ስለዘየለ ምድማርካ ዘኽስረካ የልቦን፣ ብማለት ሕቡእ ውዕላት ኣብ ኣስመራ፥ ኣዲስ ኣበባ፥ ርያድ ኣብ ዝኽትመሉ ዘሎ ኵውን ነት ሓላፍነትና ወሲድና ካብ ንብገስ ድሮ ሓሙሽተ ወርሒ ኣሕሊፍና ኣሎና።

እዚ ብ14 ሓምለ ዝተበገሰ ናይ በርገሳውያን (ሲቭክ) ማሕበራት ምንቅስቃስ፣ ብፍላይ ኣብዚ ኣሻቃሊን ተኣፋፍን፣ ህልውነት ሃገርን፡ መንነት ህዝቢ ኤርትራ ዝፈታተን ኩነታት ኩሉ ኤርትራዊ ተቃላሳይ ንፍትሒ ብሓባር ናይ ምቅላሱ መኣዲ ምፍጣር: ወሳኒ መሰረታዊ ዕላማኡ ብምግባር እዩ። ኩሉ ተቃላሳይ ንፍትሒ ነዚ ተረድ ኦ´ዚ ተግባራዊ ንምግባርን ኣብ ባይታ ንምትግባሩን ሓንቲ ግዝያዊት ሽማግለ መሪጹን፣ ዕማማታ ኣነጺሩን። ካብተን ዕማማት እተን ናይ መጀመርታ ክልተ ድሮ መግለጺ ብምውጻእን: ደብዳበ ብቛንቋታት ትግሪኛን፣ ዓረብኛ፣ እንግሊዘኛን ንናይ ኢትዮጵያ ቀዳማይ ሚንስተር: 30 ዝኮና በርገሳዊ ማሕበራት ዝፈረማሉ ብምርካብን: ኣብ እዋኑ ፈጺማቶ። እቲ ዝተረፈ ዕማማት ጽዑቕ ጎስጓስ ንህዝባዊ ናዕቢ ንምክያድን፣ ነቲ ሃብቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ብዝሑነት ንምርግጋጽ፣ ምስ ካልኦት ምንቅስቃሳት ሓባራዊ ስርሓት ምስልሳልን፣ ድልየትን ርእይቶታትን ህዝቢና ዘኽብር ኣገባብ ኣሰራርሓ ምህንዳስን፣ ንነዊሕ ቅድሚት ዝጠመተ ብሃገር ደርጃ ዘድምዕ ውጺኢት ንምምዝጋብ ዝሕግዝ ወከሳታትን መጽናዕትታትን ንምክያድ እታ ግዝያዊት ሽማግለ ናተይ ኢላ ተተሓሓዘቶ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እናሃሎና ከኣዩ ነቲ ናይ ጸረ ሃገርን ህዝብን ኢሰያስ ዘካይዶ ውዕላት እምብይታን፣ ኣይውክለናን እዩ ዘስምዕ ኣብ ጀነቫ ሰላማዊ ሰልፊ ዝተኻየደ።

ሰላማዊ ሰልፊ ጀነቫ ብዕለት 31 ነሃሰ ብዓወት ተዛዚሙን፡ ብዕለት ባሕቲ መስከረም (መዓልቲ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ) ከአ ኣኼባ ብምክያድ ሓንቲ ሓይሊ ዕማም መሪጹ። እዚ ሓቤሬታ´ዚ ከኣ በቶም ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ዝተረኽቡ ኣባላት ግዝያዊ ሽማግለ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ተበሰረ። ግዝያዊት ሽማግለ ኣኼባኣ ብምክያድ ነቲ ዝተረኽበ ሓበረታትን፣ ዘካየደቶ ስርሓትን ጸብጻብ ንምቅራብ ተዳለወት። ብዕለት 17 ሕዳር ከኣ ነቲ ዝመረጸ ህዝባዊ ምንቅስቃስትን: ነቲ ካብ ጀነቫ ዝተመርጸ ሓይሊ ዕማምን ኣኼባ ጸወዐት። ቀንዲ ትሕዝቶ ኣኼባ ጸብጻብ ግዝያዊ ሽማግለ ምስማዕን ዘተ ምክያድን፣ ምስ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ ከመይ ዓይነት ርክክባትን ምውህሃድን ይካየድ መደባት ምስራዕ ፣ ግዝያዊት ሽማግለ እቲ ዝተዋህባ ናይ ሓላፍነት ግዜ 3 ወርሒ ኣብቂዑ ስለዝነበረ፣ብዛዕባ ቀጻልነት ሽማግለ ከመይ ይኹን ዝብል ይርከበ። ኣኼባ ዘድሊ ምምይያጣት ድሕሪ ምግባር፣ ምስታ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ ርክክባትን ምውህሃድ ክጅምርን፣ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቃስት ኣስማት ሓቤሬታት ኣኪብካ ዳታ በይዝ (Data Base) ክትሓዝ፣ እታ ግዝያዊት ሽማግለ ከኣ ንክልተ ወርሒ ክትቅጽል ወሲኑ።

ግዝያዊት ሽማግለ ብቀጥታ ምስታ ሓይሊ ዕማም ጀነቫ ርክክብ ጀመረት። ብዕለት 5 ታሕሳስ ከኣ ፈላሚ ኣኬበአን ኣካየዳ። ኣብዚ ኣኼባዚ ክልቲኣን ኣካላት ሓድሕደን ተላለያን፣ ዕማማተን ተሓባበራን፣ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዝዓሰሎ ኣኼባ ኮይኑ፣ እንደገና ክራኸባ ወሲነን ተፈላለያ። ካላኣይ ኣኼበኤን ዕለት 28 ታሕሳስ 2018 ብምክያድ ናይ ሓድሕድ ምትሕግጋዝ መደባት ሰርዐ።

**መተሓሳሰቢ**

ግዝያዊት ሽማግለ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ዝተዋህበ እዋናዊ ዕማም ምእካብ ኣስማት ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኣብ ኩሉ ክፍሊ ዓለማት: ብዘይ ምትሕብባር ኣብ ፈቀድኡ ቦታታት ዘሎ ተቃላሳይ ንፍትሒ: ክትግበር ኣይክእልን እዩ።

ስለዚ ኩሉ ኣብዚ ናህሪ ወሲኹ ዘሎ ቃልሲ ንፍትሒ ዝዋስእን ንኽዋሳእ ድልዊ ዘሎን ባእታ፣ ጉጂለ፣ ማሕበር፣ ምትእስሳር ፣ ምጥርናፋት፣ ኣስማት ናይ ዝነጥፈሉ ዘሎ ይኹን ናይ ዝፈልጦ ምንቅስቃስ ክሰደልና ብትሕትና ንሓትት።

መልእኽትኹም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹ። ericivichzbawiaction@gmail.com

መልእኽትኹም ኣብ ትሰዱሉ ናይ ማሕበርኩም ስም፡ ኣድራሻኹም፣ ናይ ርክክብ ሓልፊ ክትሰዱልና ብኽብሪ ንሓትት።

**ግዝያዊ ሽማግለ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኤርትራ**